# ሓድሽ ሓበሬታ እገዳ ጉዕዞ

***እዚ መምርሒ እዚ ካብ 5 ጥሪ 2026 ጀሚሩ ተግባራዊ ኮይኑ ክቕየር ይኽእል እዩ።***

## እገዳ መገሻ እንታይ እዩ?

ኣብ ሰነ 2025 ፕረዚደንት ትራምፕ እዚ ዝስዕብ ዜጋታት 19 ሃገራት ናብ ኣመሪካ ንምእታው ቪዛ ከይረኽቡ ክኽልከሉ ምኳኖም ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ። ኣብ ታሕሳስ 2025 ዝርዝር ናይተን ዜጋታተን ናብ ኣመሪካ ከይኣትዋ ዝተኸልከላ ሃገራት ኣስፊሑ። ንገለ ሃገራት ኩሎም ዜጋታት ክኽልከሉ ከለዉ፡ ንኻልኦት ሃገራት ከኣ ንዝተወሰኑ ምድባት ቪዛ ጥራይ ምሕታት ይኽልከል። ነቶም ድሮ ኣብ ኣመሪካ ዝተወሰነ ሕጋዊ ደረጃ(ኩነታት) ዘለዎምን ብገለ ምኽንያት ቪዛ ዝደልዩን ፍሉያት ሃገራት ኣለዉ። ኣገዳሲ ነገር፥ ቅድሚ ዕለት 01/01/2026 ዝተውሃበ ሕጋዊ ቪዛ ዘለዎም ውልቀሰባት ክኣትዉ ይፍቀደሎም እዩ። ብዛዕባ እዞም ዝተፈልዩ ጉዳያት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ታሕቲ ርአዩ፤

## ኣይኖት ዜጋታት እዮም ብመሰረት እገዳ መገሻ ቪዛ ከይረኽቡ ወይ ናብ ኣመሪካ ከይመጽኡ ዝተኸልከሉ?

| ቪዛ ዝደልዩ ስደተኛታት ናይ እዘን ዝስዕባ ሃገራት ዜጋታት ከምኡ'ውን ስደተኛታት ዘይኮኑ B-1, B2, B-1/B-2 (በጻሒ) F (ተመሃራይ ), M (ሞያዊ ስልጠና)፥ J ( ባህላዊ ምልውዋጥ) ቪዛ ይኽልከሉ። | ዝኾነ ዓይነት ቪዛ ዝደልዩ ዜጋታት እዘን ዝስዕባ ሃገራት ተኸልኪሎም፤ |
|---|---|
| • ኣንጎላ<br>• ኣንቲጉዋን ባርቡዳ<br>• በኒን<br>• ብሩንዲ<br>• ኮትዲቭዋር<br>• ኩባ<br>• ዶሞኒካ<br>• ጋቦን<br>• ጋምቢያ<br>• ማላዊ<br>• ሞውሪታንያ<br>• ናይጀርያ<br>• ሰኔጋል<br>• ታንዛንያ<br>• ቶጎ<br>• ታንጎ<br>• ቱርክመኒስታን<br>• ቨነዝወላ<br>• ዛምቢያ<br>• ዚምባብዌ | • ኣፍጋኒስታን<br>• ቡርኪና ፋሶ<br>• በርማ<br>• ጫድ<br>• ሪፓብሊክ ኮንጎ (ብራዛቪል)<br>• ኢኳተርያል ጊኒ<br>• ኤርትራ<br>• ሄይቲ<br>• ኢራን<br>• ላኦስ<br>• ሊብያ<br>• ማሊ<br>• ኒጀር<br>• ሴራልዮን<br>• ሶማልያ<br>• ደቡብ ሱዳን<br>• ሱዳን<br>• ሶርያ<br>• የመን<br>• ብበዓል መዚ ፍልስጤም ብዝተዋህበ ሰነዳት ዝጓዓዙ ውልቀሰባት |

## ካብቲ እገዳ መገሻ ፍሉያት ዝኾኑ ኣለዉ ድዮም?

| ገለ ምድባት ናብ ኣመሪካ ክኣትዉ ዝደልዩ ሰባት ካብቲ ናይ ቪዛ/ምገሻ እገዳ ናጻ እዮም፥ ንሳቶም ድማ፤ | ከምኡ'ውን እቲ እገዳ መገሻ ነዞም ዝስዕቡ ኣይምልከትን፡ |
|---|---|
| • ዜጋታት ኣመሪካ<br>• ሕጋዊ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም (ኤል ፒ ኣር (LPRs) ወይ ግሪን ካርድ ዝውንኑ)<br>• ድርብ ዜግነት ዘለዎም ሰባት<br>• ዝተወሰኑ ውሑዳት ሃይማኖታውያንን ብሄራውያንን ካብ ኢራን<br>• ዝተወሰኑ ዲብሎማትን ኣትሌታትን | • ዝኾነ ሰብ ድሮ ኣብ ኣመሪካ ደረጃ(ኩነታት) ዝተዋህቦ, ስደተኛታት፥ ሓተትቲ ዕቑባ፥ ሕጋዊ ቀዋሚ ነባርነት ዝረኸቡን (ኤል ፐ ኣር ) ኣብዚ ብሕጋዊ ቪዛ ዘለውን ሓዊስካ<br>• ዝኾነ ሰብ ካብ ኣመሪካ ወጻኢ ድሮ ዝጸደቐ ቕኑዕ ቪዛ ዘለዎ ወይ ቪዝኡ ቅድሚ 1ጥሪ 2026 ዝተዋህቦ. |

## ኣብ ኣመሪካ ኮይነ ንዑቕባ ወይ ንሕጋዊ ቀዋሚ ነባርነት (ኤል ፐ ኣር/ግሪን ካርድ) እንተኣመልኪተ'ኸ?

እቲ እገዳ መገሻ ነቶም ድሮ ኣብ ኣመሪካ ዘለዉ ሰባት ከም ዕቑባ ወይ ምትዕርራይ (ምቕያር) ደረጃ ናብ ቀዋሚ ነባሪ ዝኣመሰሉ ናይ ኢሚግሬሽን ሓገዝ ዝደልዩ ሰባት ኣይጸልዎምን እዩ። ይኹን እምበር ዩ ኤስ ሲ ኣይ ኤስ (USCIS) ኣብ መስርሕ ኩሉ ሕቶታት ዑቕባ፥ ከምኡ'ውን ንኹሎም ስደተኛታትን ካብተን እገዳ መገሻ ዝግደዳ ሃገራት ዝመጹ ሰባትን ናይ ኩነታት ምትዕርራይ ሕቶታት (ግሪን ካርድ) ንግዚኡ ከምዝተሓዝ ተገይሩ ኣሎ።

## ኣነ ስደተኛ እየ። መጻምድተይ/ውሉደይ ብመንገዲ I-730 ዘመድ ስደተኛ/ ዕቁበኛ ጥርዓን ክጽንበሩኒ ይኽእሉ ድዮም?

እቲ እገዳ ጉዕዞ ስደተኛታት መጻምድትን ቆልዑን ካብተን እገዳ ጉዕዞ ዝተገብረለን ሃገራት ናብ ኣመሪካ ክኣትዉ ክፍቀደሎም ድዩ ኣይፍቀደሎምን ኣይገልጽን፡ እንተኾነ መብዛሕቲኡ መስርሕ ስደተኛታት ብፍሉይ ትእዛዝ መንግስቲ ተቛሪጽ ስለዘሎ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ካብ መብዛሕቲአን ሃገራት ከም ስደተኛ ምእታው ኣይከኣልን እዩ።

## ኣነ ዕቑበኛ እየ።መጻምድተይ/ውሉደይ ብመንገዲ I-730 ዘመድ ስደተኛ/ዑቕበኛ ጥርዓን ክጽንበረኒ ይኽእል ድዩ?

እቲ እገዳ ጉዕዞ፡ ዝጸደቐ ጉዳይ ንዘለዎም መጻምድትን ቆልዑን ዕቑበኛታት ካብተን እገዳ ጉዕዞ ዝተገብረለን ሃገራት ናብ ኣመሪካ ክኣትዉ ክፍቀደሎም ድዩ ኣይፍቀደሎምን ኣይገልጽን። እንተኾነ መብዛሕቲኡ መስርሕ ዑቕበኛታት ካብ እተን እገዳ ዝተገብረለን ሃገራት ዝመጹ ቐቕበኛታት ብፍሉይ ትእዛዝ መንግስቲ ደው ኣቢልዎ ኣሎ። ብዕቑበኛ ናይ ዝመጽኡ(ኣሳይሊ ደሪቫቲቭ) ካብተን እገዳ ዘይተገብረለን ሃገራት ናብ ኣመሪካ ንክመጽኡ መስርሕ ክቕጽል እዩ።

## ኣነ ዜጋ ኣመሪካ ወይ ሕጋዊ ቀዋሚ ነባርነት ዘለኒ LPR (ግሪን ካርድ ዝሓዝኩ) እንተኾይነ፡ መጻምድተይ፡ ውሉደይ ወይ ወላዲ ካብ ሓንቲ ካብተን ናይ መገሻ እገዳ ዝተገብረለን ሃገራት እንተኾይነን ኣብ ኣመሪካ ክጽንበሩኒ ቪዛ ከመልክቱ ይኽእሉ ድዮም?

ኣይፋል። ብመሰረት ትእዛዝ እገዳ መገሻ ታሕሳስ፥ ንኣዝማድ ዜጋታት ኣመሪካ ወይ ህጋዊ ፍቓድ ነባርነት ዘለዎም (LPRs) ፍሉይ ዝግበር የለን።

## ፍሉይ ቪዛ ስደተኛታት ዝደልዩ ኣፍጋናውያን ገና ካብቲ እገዳ ጉዕዞ ነጻ ድዮም?

ኣይፋል። ብመሰረት ትእዛዝ እገዳ መገሻ ታሕሳስ፡ ፍሉይ ቪዛ ስደተኛታት ዝደልዩ ኣፍጋናውያን ድሕሪ ደጊም ቪዛ ክረኽቡ ኣይክእሉን እዮም።

## ብዛዕባ ነብሰይ ወይ ካብ ኣመሪካ ወጻኢ ዘሎ ዘመደይ ሕቶታት ኣለኒ። ሓገዝ ኣበይ ክረክብ እኽእል?

ቅድሚ ሕጂ ከምኡ እንተዘይገይርኩም፡ ምስ ወሃቢ ሕጋዊ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ክትመኻኸሩ ይግባእ። ሓገዝ ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡: https://www.immigrationadvocates.org/legaldirectory/ ወይ ድማ ኣብዚ: https://ailalawyer.com/